



1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

Orientation to Ontario


# መምርሒ ፍቓድ መኪና ኦንታርዮ

ኣብ ኦንታርዮ ተሽከርካሪት ንኽትመርሕ፡ ግድን ብቑዕ ፍቓድ ምምራሕ መኪና ኦንታርዮ ክህልወካ ኣለዎ። ምስ መጻእካ ድሕሪ’ተን ቀዳሞት 60 መዓልታት፡ ናይ ካልእ ሃገር ፍቓድ መምርሒኻ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ብድሕሪ’ዚ ግን፡ ናትካ ናይ ኦንታርዮ መምርሒ ፍቓድ ክህልወካ ኣለዎ። መምርሒ ፍቓድ ንኽውጽኡ ከመልከቱ ዝደልዩ ደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስዮን፡ ፈለማ ነዞም ዝስዕቡ ቅጥዕታት ከማልኡ ይግደዱ፡

- ደቂ 16 ዓመት ክኾኑ ኣለዎም።
- ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝተዳለወ ናይ ጽሑፍ መርመራ ክወስዱ።
- ናይ ዓይኒ (ርእየት) ፈተናን ክልተ ግብራዊ ናይ ምዝዋር ፈተናታትን ክወስዱ ኣለዎም።

Different Classes of Driver’s Licences (ዝተፈላለዩ ደረጃታት ፍቓድ ምምራሕ መኪና)

- ደረጃ G - መካይን፡ ቃፍላያት፡ ናእሽቱ  ናይ ጽዕነት መካይ።
- ደረጃ M - ሞቶር ብሽክለታታት.
- ደረጃ ናይ ንግዲ (ካብ A ክሳብ E) - ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይንን ኣውቶቡሳትን።



Ontario Graduated Licence System (ዝለዓለ ደረጃ ስርዓት ፍቓድ መምርሒ ኦንታርዮ)

ቅድሚ ምሉእ መምርሒ ፍቓድ መኪና ምርካብካ፡ ን2 ዓመት ናይ ኣመክሮ መምርሒ ፍቓድ ግድን ክህልወካ ኣለዎ።

- G1 - ሓደስቲ መራሕቲ መኪና፡ ኣብ ውሽጢ መኪና ካልእ መምርሒ ፍቓድ  ዘለዎ ምስ ዝህሉ ጥራይ’ዮም ክዝውሩ ዝኽእሉ። ድሕሪ 12 ወርሒ ድማ፡ ደረጃ G2  ንምውሳድ ክትምዝገብ ትኽእል። መምርሒ ናይ ድሕነት ስልጠናታት እንተደኣ ወሲድካ ድማ፡ ድሕሪ 8 ወርሒ ክትምዝገብ ትኽእል።
- G2 - ናይ ኣመክሮ ዘውርቲ ኮይኖም፡ ገለ ቀይድታት ተገይሩሎም፡ ንበይኖም ክዝውሩ ዝኽእሉ እዮም። G2  መራሕቲ መኪና፡ ንበይኖም ናይ ምዝዋር ልምምድ ምስ ኣካየዱ፡ G ናይ ምዝዋር ፈተና ክወስዱ ኣለዎም።
- G - ምሉእ መምርሒ ፍቓድ ኮይኑ፡ መራሕቲ መኪና ቀይድታት ዝበሃል የብሎምን፣ ተወሳኺ ፈተና ምውሳድ ድማ ኣየድልዮምን።

ብቑዕ ፍቓድ ምምራሕ መኪና ናይ ካልኦት ሃገራት እንተደኣ ኣለካ ኮይኑ፡ ምስ ምሉእ G መምርሒ ፍቓድ ክትቅይሮ ትኽእል ወይ  ንደረጃታት G1 ወይ G2  ክትሰግሮም ትኽእል።

- ኣብ DriveTest (ፈተና ምዝዋር መኪና (drivetest.ca ኣቲኻ፡ ብዛዕባ Licence Exchange  (ምቅይያር መምምርሒ ፍቓድ መኪናን) Foreign Licence Applications (ናይ ወጻኢ ናይ መመልከቲታት ፍቓድን) ፈትሽ።

## ዘድልዩ ሰነዳት

- 1 ንእሽቶ ናይ መለለዪ ቀኑጽሪ (ID) ምስ ሕጋዊ ስምካ፡ ዕለተ ልደትካን ክታምካን ተማላእ።
- ናትካ ID፡ ቅዳሕ ወይ ኮፒ ዘይኮነ ሰነድ ክኸውን ኣለዎ። ብቋንቋ እንግሊዝ ወይ ፍረንሳይ ድማ ክኸውን ኣለዎ።
- ብዛዕባ Acceptable Identity Documents (ቅቡል ናይ መንነት ሰነዳት) ኣብ ፈተና ምዝዋር drivetest.ca ተመልከት።

## ማእከል ፈተና ምዝዋር

- ንመምርሒ ፍቓድ ከተመልክት እንተደሊኻ፡ ዘድልዩ ሰነዳት ሒዝካ፡ ናብ DriveTest Centre (ማእከል ፈተና ምዝዋር) ኪድ።

ቀዳማይ ደረጃ (G1)  መምርሒ ፍቓድ ንምሓዝ፡ ነዞም ዝስዕቡ ግድን ክትገብር ኣለካ፡

- ፍልጠትካ ዝፍትሽ ናይ ጽሑፍ ፈተና ውሰድ - ናይ ግዜ ገደብ የለን፣ ከምኡ ድማ ብ20 ቋንቋታት ዝተቐረበ እዩ ወይ ክሕግዘካ ዝኽእል ብቑዕ ኣስተርጓሚ ከተምጽእ ትኽእል።
- ናይ ጽሑፍ ፈተና እንተሓሊፍካ፡ ናይ ዓይኒ ወይ ናይ ምርኣይ ፈተና ክትወስድ ኢኻ።



Funded by / Financé par

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

- ናይ ምርኣይ ፈተና እንተሓሊፍካ፡ ናትካ ስእሊ ክውሰደልካ እዩ።
- ቀልጢፍካ ድማ፡ ግዝያዊ G1 መምርሒ ፍቓድ ክትረክብ ኢኻ፣ ስእሊ ካርድ Driver's Licence (ፍቓድ ምምራሕ መኪናኻ) ድማ፡ ናብ ኢመይልካ ክለኣኸልካ እዩ።
- ኣብ ፈተና እንተተረፍካ፡ ከፊልካ ግድን ካልኣይ ግዜ ክትፍተን ኢኻ።
- ፍቓድ መምርሒ G2 ወይ G ክትረክብ እንተኾንካ፡ ኣብ ዌብሳይት DriveTest Centre (ማእከል ምዝዋር ፈተና) ኣቲኻ፡ ናይ ጽርግያ ፈተና ንኽትገብር ክትምዝገብ ኣለካ።
- ነቲ ናይ ኢመይል መረጋገጺ ሕተሞን ምስ ID (መንነትካ) ጌርካ፡ ናብ DriveTest Centre (ማእከል ምዝዋር ፈተና) ኣምጽኣዮን።
- ምሳኻ ተሽከርካሪት ተማላእ። DriveTest Centre (ማእከል ምዝዋራ መኪና)፡ ናይ መፈተኒ ተሽከርከርቲ ኣይቅርብን እዩ። ስለዚ፡ ተሽከርካሪት ክትልቃሕ ወይ ካብ ቤት ትምህርቲ ምዝዋር መኪና ሓንቲ ክትካረ ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ ናይ ጽርግያ ፈተነ እንተተረፍካ፡ ካልኣይ ፈተና ንኽትወስድ ግድን ተመዝገብ።
- ናይ G2 ፈተና ምስ ሓለፍካ፡ ናይ G ፈተና ቅድሚ ምውሳድካ፡ ን12 ኣዋርሕ ግድን ክትጽበ ኣለካ።
- ናይ ጽርግያ ፈተና ምስ ሓለፍካ፡ ቀልጢፍካ ግዝያዊ መምርሒ ፍቓድ ክትረክብ ኢኻ፣ ስእሊ ካርድ Driver's Licence (ፍቓድ ምምራሕ መኪናኻ) ድማ ናብ ኢመልይልካ ክለኣኸልካ እዩ።

## ንናይ መኪና ምዝዋር ፈተናኻ ምቅርራብ

ነቲ ወግዓዊ MTO Driver's Handbook (ኤምቲኦ ናይ ምምራሕ መኪና መጽሓፍ) ኣንብቦ፣ ክትዕድጎ ተቐሪቡልካ ኣሎ ወይ ኣብ ኦንላይን ኣንብቦ።

ቤት ትምህርቲ ምዝዋር መኪና ናይ ክፍሊ መምርሒታትን ግብራዊ ትምህርቲ ምምራሕን ይቐርብ እዩ። ናይ ምዝዋር ትምህርቲ እንተወሲድካ፡ ትሕቱ መጠን ክፍሊት መድሕን ክትከፍል ትኽእል ኢኻ።

